# 2ይ ሳሙኤል 11-12

26 ሰበይቲ ኡርያ ኸኣ፡ ኡርያ ሰብኣያ ኸም ዝሞተ ምስ ሰምዔት፡ ንሰብኣያ በኸየትሉ።
27 ሓዘና ምስ ሐለፈ ድማ፡ ዳዊት ልኢኹ ናብ ቤቱ ወሰዳ። ሰበይቱ ኸኣ ኰነት፡ ወዲ ድማ ወለደትሉ።
እዚ ዳዊት ዝገበሮ ነገር ግና ኣብ እግዚኣብሄር ክፉእ ኰይኑ ተራእየ።
1 እግዚኣብሄር ድማ ንናታን ናብ ዳዊት ለአኾ። ንሱ ኸኣ ናብኡ አትዩ በሎ፡ ኣብ ሓንቲ ኸተማ ኽልተ
ሰብኣይ ነበሩ፡ እቲ ሓደ ሃብታም፡ እቲ ሓደ ድማ ድኻ።
2 እቲ ሃብታም ኣዝየን ብዙሓት ኣባጊዕን ኣሓን ነበራኦ።
3 እቲ ድኻ ግና፡ ብጀካ ዝዐደጋ ሓንቲ ንእሽቶ ሽበን፡ ገለ እኳ ኣይነበራኦን። ንሱ ኣዕበያ፡ ምስኡን ምስ
ደቁን ከኣ ብሓደ ዐበየት፡ ካብ ቍራሱ ትበልዕ፡ ካብ ዋንጫኡውን ትሰቲ፡ ኣብ ሕቝፉ ድማ ትድቅስ፡
ንእኡ ኸም ጓሉ ነበረት።
4 እቲ ሃብታም ሰብኣይ፡ በዓል መገዲ ምስ መጸ ኸኣ፡ ነቲ ዝመጾ በዓል መገዲ ኻብተን ኣባጊዑን
ካብተን ኣሓኡን ወሲዱ ኸየዳልወሉስ፡ በቖቖን፡ ነታ ሽበን እቲ ድኻ ወሲዱ ግና ነቲ ዝአተዎ ሰብአይ
ኣዳለወሉ።
5 ሽዑ ኹራ ዳዊት ኣብቲ ሰብአይ ኣዝዩ ነደደ፡ ንናታን ከኣ፡ እቲ እዚ ዝገበረ ሰብአይ ወዲ ሞት ከም
ዝኾነ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡
6 እዚ ነገር እዚ ስለ ዝገበረን፡ ድንጋጽዉን ስለ ዘይገበሮን፡ ኣብ ክንዲ እታ ሽበን ኣርባዕተ ገይሩ ይኽሓስ፡
በሎ።
7 ሽዑ ናታን ንዳዊት በሎ፡ እቲ ሰብአይ እቲ ንስኻ ኢኻ።

# ሮሜ 8

18-19 ሃረርታ ፍጥረት ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ እሞ፡ ከምኡ ኸኣ ኣነ ንስቓይ እዚ
ዘመንዚ ነቲ ኣባና ኺግለጽ ዚመጽእ ዘሎ ኽብሪ ኸም ዘይመዓራረዮ፡ እኣምን ኣሎኹ።
20 እቲ ፍጥረት ንኸንቱ ተገዚኡ ኣሎ፡ ስለቲ ብተስፋ ዘግዝኦ እዩ እምበር፡ ብፍቓዱስ ኣይኰነን እሞ፡
21 እቲ ፍጥረት ንርእሱ ድማ ካብ ባርነት ጥፍኣት ናብ ሓርነት ክብሪ ደቂ ኣምላኽ ሓራ ኺወጽእ
እዩ።
22 ብዘሎ እቲ ፍጥረት ክሳዕ ሕጂ ምሳና ኾይኑ ኸም ዜስቈርቍርን ቅልውላው ከም ዝሐዘን፡
ንፈልጥ ኣሎና እሞ፡
23 ንሱ ጥራይ ከኣ ኣይኰነን፡ ንሕና ብኹርነት መንፈስ ዘሎናውን፡ መሰል ውልድነትና፡ ማለት
ምድሓን ስጋና፡ እናተጸቤና ብውሽጥና ነስቈርቍር ኣሎና።

# ሉቃስ 6

36 ከምቲ ኣቦኹም ርሕሩሕ ዝኾነ፡ ርሕሩሓት ኩኑ።
37 ኣይትፍረዱ ኣይክትፍረዱን ኢኹም፡ ኣይትኹንኑ ኣይክትኰነኑን ድማ ኢኹም፡ ሕደጉ
ኪሕደገልኩም እዩ።
38 ሃቡ ኺውሃበኩም እዩ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኺስፈረልኩም እዩ እሞ፡ ጽቡቕ እተሰጐደ፡ ንኽኑኽ
እተፋረወ መስፈሪ ኣብ ሕቝፍኹም ኪህቡኹም እዮም።
39 ብምስላ ኸኣ በሎም፥ ዕዉርዶ ንዕዉር ኪመርሖ ይኽእል እዩ፧ ክልቲኣቶምዶኸ ኣብ ጉድጓድ
ኣይወድቁን፧
40 ተመሃሪ ኻብ መምህሩ ኣይበልጽን፡ ተምሂሩ ዝወድኤ ኵሉ ግና ከም መምህሩ እዩ ዚኸውን።

41 ስለምንታይ ኣብ ዓይኒ ሓውካ ዘሎ በሰር እትርኢ፡ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጕንዲ ግና ዘይተስተብህል፧
42 ወይስ ንስኻ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጕንዲ ዘይትርኢ፡ ንሓውካ፡ ሓወይ፡ ካብ ዓንይኻ በሰር ከውጽኣልካስ
ሕደገኒ፡ ክትብሎ ኸመይ ጌርካ ትኽእል፧ ኣታ ግቡዝ፡ ቅድም ነቲ ጕንዲ ኻብ ዓይንኻ ኣውጽኣዮ፡ ድሕርቲ
ኣብ ዓይኒ ሓውካ ዘሎ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ኽትርኢ።